ጎይታ ኢየሱስ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብዛ ምድሪ ዝመጸሉ ወይም ዝምለሰሉ ግዜ ቀሪቡ ኢዩ፡፡ ቅድሚ 2000 ዓ.ም ጎይታ ኢየሱስ ኣብዛ ምድሪ ከሎ ንኽፈርድ ከምዝምለሰ ባዕሉ ዝመሰከሮ ኢዩ፡፡ (ዮሓንስ 14፡1-3)፡፡ ነዚ ጽሑፍ ምስ ኣንበብካ/ኪ ጎይታ ኢየሱስ ይመጽእ ከም ዘሎ ወይም ምጽኣቱ ከምዝቀረበ ከመይ ጌርና ብርግጽ ክንፈልጥ ንክእል ዝብል ሕቶ ክትሓትት/ቲ ትክእል ኢኻ/ኺ? ናይዚ ሕቶ መልሲ'ውን ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ሰለ ዘሎ ንክትንብቦ/ቢ ብትሕትና ንዕድም፡፡ እዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ንሕቶኻ/ኺ መልሲ ጎይታ ኢየሱስ ብትንቢታዊ ቃል ዝተዛረቦ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃል ኢዩ፡፡ ብመጨረሻ ዘመን ዘጋጥሙን ዝክሰቱን ምልክታት'ውን ኩሉ ዝገልጽ ኢዩ፡፡ ጎይታ ኢየሱስ'ውን ናይ ብሓቂ ኣብ ህይወትና ክምለስ ምኻኑን መጨረሻ ዘመን ምኻኑ'ውን የረጋግጸልና፡፡

## 1 ናይ ቤት መቕደስ ምንዋጽ

ኢየሱስ ካብ ቤተ መቕደስ ወጺኡ ኸደ፡ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ህንጻ ቤተ መቕደስ ኬርእይዎ ናብኡ ቐረቡ። ንሱ ግና መለሰ፡ እዚ ዅሉስ ትርእይዎዶ ኣሎኹም፧ ኣብዚ ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪተርፍን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። (ማቴ 24:1-2፤ ማር 13:1-2፤ ሉቃ 21:5-6)። እዚ ነገር እዚ፣ ከምዘለዎ በርግጽ ብ70 ዓ.ም ተፈጺሙ እዩ፡፡

## 2 ናይ ምጽኣት ምልክት

ኣብ ደብረ ዘይቲ ተቐሚጡ ኸሎ፡ ደቀ መዛሙርቱ ብሕት ኢሎም፡ እዚ መኣዝ ኪኸውን እዩ፧ ትእምርቲ ምምጻእካን መወዳእታ ዓለምንከ እንታይ እዩ፧ እስኪ ንገረና፡ እናበሉ ናብኡ ቐረቡ። (ማቴ 24:3፤ ማር 13:3-4፤ ሉቃ 21:7)

## 3 ኣታለልቲ ክለዓሉ እዮም

ኢየሱስ መለሰ በሎም፡ ሓደ እኳ ኸየስሕተኩም ተጠንቀቑ። ኣነ ክርስቶስ እየ፡ እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ኪመጹ እዮም እሞ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ እዮም። ደድሕሪኦም ኣይትስዓቡ፡ ከይትስሕቱ ተጠንቀቑ። (ማቴ 24:4-5፤ ማር 13:5-6፤ ሉቃ 21:8)

## 4 ኲናትን ናይ ኲናት ወሬ

ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም። ርኣዩ፡ ኣይትሰምብዱ፡ እዚ ዅሉ ኪኸውን ብግዲ እዩ፡ ግናኸ መወዳእታ ገና እዩ። (ማቴ 24:6፤ ማር 13:7፤ ሉቃ 21:9)

## 5 ዓሌታዊ ውግእ | ናይ መሬት ምንቅጥቅጥ | ጥሜት | ሕማማት

ህዝቢ ናብ ህዝቢ፡ መንግስቲውን ናብ መንግስቲ ኺለዐል እዩ። ኣብ በቦታኡ ድማ ጥሜትን ፌራን ምንቅጥቃጥ ምድርን ኪኸውን እዩ። (ማቴ 24:7፤ ማር 13:8፤ ሉቃ 21:10-11)

## 6 እዚ ዅሉ ግና መጀመርታ ቕልውላው እዩ። (ማቴ 24:8፤ ማር 13:8)

## 7 ናይ ክርስትያን ምስዳድ

ንርእስኹም ተጠንቀቑ። ቅድሚ ዅሉ ኸኣ ኪሕዙኹምን ኪሰጕኹምን እዮም። ንኣታቶም ንምስክር ግና ምእንታይ ንዋዕላ ኣሕሊፎም ኪህብኹም፡ ኣብ ቤት ጸሎቶምውን ኪገርፉኹም፡ ናብ ቤት ማእሰርትን ኪወስዱኹም፡ ሽዑ ንመከራ ኣሕሊፎም ኪህብኹምን ኪቐትሉኹምን እዮም። ስለ ስመይ ከኣ ናብ ነገስታትን ሹማትን ኬብጽሑኹም እዮም። እዚ ንምስክር ኪዀነኩም እዩ። (ማቴ 24:9፤ ማር 13:9፤ ሉቃ 21:12-13)

## 8 ኣሕሊፎም ኪህቡኹም ምስ ወሰዱኹም፡ እንታይ ከም እትዛረቡ ኣቐዲምኩም ኣይትጨነቑ፡ ስለዚ ኸመይ ከም እትመልሱ፡ ቅድም ከይትሓልዩ፡ ኣብ ልብኹም ኣንብርዎ። መንፈስ ቅዱስ እዩ እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይኰንኩምን እትዛረቡ እሞ፡ ኣነ ንዅሎም መኻራኸርትኹም ምቅዋሙን ምምጓቱን ዘይከኣሎም ኣፍን ጥበብን ክህበኩም እየ እሞ፡

## 9 ስድራቤት ንሓድሕዶም ክከኀሓዱ ኢዮም

ሽዑ ብዙሓት ኪዕንቀፉ፡ ሓው ንሓው፡ ወላዲ ንውሉዱ ኣሕሊፉ ንሞት ኪህብ እዩ። ወለድን ኣሕዋትን ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣሕሊፎም ኪህቡኹም፡ ውሉድውን ናብ ወለዶም ተንሲኦም ኪቐትልዎም እዮም። ስለ ስመይ ከኣ ዅሉ ኺጸልኣኩም እዩ። ግናኸ ኻብ ርእስኹም ሓንቲ ጸጕሪ እኳ ኣይክትጠፍእን እያ። ንነፍስኹም ብትዕግስትኹም ከተጥርይዋ ኢኹም። (ማቴ 24:9-10፤ ማር 13:12-13፤ ሉቃ 21:16-19)

## 10 ፍቕሪ ክትዝሕል ኢያ

ዓመጻ ስለ ዝበዝሖ ድማ፡ ናይ ብዙሓት ፍቕሪ ኽትዝሕል እያ። እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ኪድሕን እዩ። (ማቴ 24:12-13)

## 11 እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ዂሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ፡ ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ። (ማቴ 24:14፤ ማር 13:10)

## 12 ፍንፉን ጽምዋ ኣብ ኢየሩሳሌም

የሩሳሌም ብሰራዊት ተኸቢባ እንተ ርኤኹም፡ ሽዑ ጥፍኣታ ኸም ዝቐረበ ፍለጡ። (ሉቃ 21:20)። እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ ርኤኹም፡ እቲ ዜንብብ የስተውዕል፡ ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ፡ ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ኸኣ ካብኣ ይውጽኡ፡ ኣብ ሃገረ ሰብ ዘለዉውን ናብኣ ኣይእተዉ። ኣብ ዝባን ናሕሲ ዘሎ ኸኣ፡ ካብ ቤቱ ገለ ኺማላእ ኣይውረድ ኣይእቶውን። ኣብ ወፍሪ ዘሎ ኸኣ ክዳኑ ኺማላእ ንድሕሪት ኣይመለስ። (ማቴ 24:15-18፤ ማር 13:14-16፤ ሉቃ 17:31፤ 21:21)። በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን። እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ። (ማቴ 24:19-20፤ ማር 13:17-18፤ ሉቃ 21:23)። ብስሕለት ሰይፊ ኺወድቁ፡ ናብ ዂሎም ኣህዛብውን ኪማረኹ እዮም። ዘመናት ኣህዛብ ክሳዕ ዝፍጸም፡ የሩሳሌም በህዛብ ክትርገጽ እያ። (ሉቃ 21:24)

## 13 ናይ ያቆብ ግዜ ጸገም (ኤርሚ 30፡6-7)

ካብታ ኣምላኽ መጀመርያ ፍጥረት ዝፈጠረላ ኽሳዕ ሎሚ ኸምኡ ዘይኰነ፡ ድማ ከቶ ዘይከውን መከራ በታ ቕነ እቲኣ በዚ ህዝቢ እዚ ኪኸውን እዩ እሞ፡ እተን መዓልትታት እቲኤን እግዚኣብሄር እንተ ዘየሕጽረንሲ፡ ስጋ ዝለበሰ ዅሉ ኣይምደሓነን ነይሩ። ምእንቲ እቶም ንሱ ዝሐረዮም ሕሩያት ግና ነተን መዓልትታት እቲኤን ኣሕጺረን። (ማቴ 24:21-22፤ ማር 13:19-20፤ ሉቃ 21:23)። እዚ፡ እቲ ጽሑፍ ዘበለ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፡ ወርሓት ሕነ እዩ። (ሉቃ 21:22)

## 14 ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን

ሽዑ ሓደ እኳ፡ ክርስቶስ ኣብዚ እንሆ፡ ወይስ ኣብቲ ኣሎ፡ እንተ በለኩም፡ ኣይትእመኑ። ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪመጹ እዮም እሞ፡ እንተ ተኻእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያት እኳ ኬስሕቱ፡ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም። ንስኻትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ዅሉ ነገርኩኹም። (ማቴ 24:23-24፤ ማር 13:21-23)። እንሆ፡ ኣብ በረኻ ኣሎ፡ እንተ በሉኹም፡ ኣይትውጽኡ፡፡ ኣብ ቤት ኣሎ እንተ በሉኹምውን፡ ኣይትእመኑ። በርቂ ኻብ ምብራቕ በሪቑ ኽሳዕ ምዕራብ ከም ዚርኤ፡ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ። (ማቴ 24:26-27፤ ሉቃ 17:23-24)።

## 15 ምልክታት ኣብ ሰማይ

ድሕሪ መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡብኡ ጸሓይ ክትጽልምት፡ ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ፡ ከዋኽብቲ ኻብ ሰማይ ኪወድቁ፡ ሓይልታት ሰማያትውን ኬንቀጥቅጡ እዮም። ሓይልታት ሰማያትውን ኬንቀጥቅጡ እዮም። (ማቴ 24:29፤ ማር 13:24-25፤ ሉቃ 21:25)። ኣብ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ከኣ ትእምርቲ ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪውን ጸበባ ኣህዛብ ኪኸውን፡ ብደሃይ ባሕርን ማዕበልን ከኣ ዚገብርዎ ኺጠፍኦም እዩ። ሕያሊ ሰማያት ኬንቀጥቅጥ እዩ እሞ፡ ብፍርሃትን ኣብ ዓለም ብዚመጽእ ምጽባይን ነፍሲ ሰብ ክትወጽእ እያ። (ሉቃ 21:25-26)።

## 16 ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽዑ ድማ ዂሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኺበኽዩ።

ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም። ንመላእኽቱ ኸኣ ብብርቱዕ ደሃይ መለኸት ኪልእኮም፡ ነቶም ሕሩያቱ ኻብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ወሰን ሰማይ ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ንፋሳት ኪእክብዎም እዮም። (ማቴ 24:30-31፤ ማር 13:26-27፤ ሉቃ 21:27)።

## 17 እዚ ምኽኣን ምስ ጀመረ፡ ምድሓንኩም ቀሪቡ እዩ እሞ፡ ቅንዕ በሉ ርእስኹምውን ኣልዕሉ።

## 18 ሓደ ምስላ ድማ ነገሮም፥ ኣብ ኦም በለስን ኣብ ዅሉ ኦምን ርኣዩ።

ምጥጣዑ ኽትርእዩ ኸሎኹም፡ ክረምቲ ምቕራቡ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ከምኡ ድማ ንስኻትኩም እዚ ዅይኑ ኽትርእዩ ኸሎኹም፡ መንግስቲ ኣምላኽ ምቕራባ ፍለጡ። ኣብ ኣፍ ቤት ከም ዝቐረበ ፍለጡ። (ማቴ 24:32-33፤ ማር 13:28-29፤ ሉቃ 21:29-31)። ስለ እታ መዓልቲ እቲኣን ስለ እታ ሰዓት እቲኣን ግና ብዘይ ኣቦ በይኑ፡ መላእኽቲ ሰማይ እንተ ኾኑ እኳ ወይስ ወዲ፡ ዚፈልጣ የልቦን። (ማቴ 24:36፤ ማር 13:32)።



19 ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ፡ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ። ከምቲ ብቕድሚ ማይ ኣይሂ ዝነበረ፡ ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ፡ ይበልዑን ይሰትዩን የእትዉን የተኣታትዉን ነበሩ እሞ፡ ማይ ኣይሂ መጺኡ፡ ንኹሉ ኽሳዕ ዜጥፍእ ኣይፈለጡን። ምጽኣት ወዲ ሰብ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ። (ማቴ 24:37-39፤ ሉቃ 21:26-27)።

20 ብዘመን ሎጥ ድማ ከምኡ ኾነ፥ ይበልዑን ይሰትዩን ይሸጡን ይሻየጡን ይተኽሉን ይሃንጹን ነበሩ። በታ ሎጥ ካብ ሶዶም ዝወጸላ መዓልቲ ድማ ካብ ሰማይ ሓውን ዲንን ወረደ፡ ንኹሉ ኸኣ ኣጥፍኤ። በታ ወዲ ሰብ ዚግለጸላ መዓልቲ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ። (ሉቃ 17:28-30)።

21 ንሰበይቲ ሎጥ ዘክርዋ። ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ፡ እቲ ዜጥፍኣ ግና ኬድሕና እዩ። (ሉቃ 17:32-33)።

22 በታ ለይቲ እቲኣ ኽልተ ኣብ ሓንቲ ዓራት ኪድቅሱ እዮም፡ እቲ ሓደ ኺውሰድ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኪሕደግ እዩ። ክልተ ኣንስቲ ብሓንሳእ ኪጥሕና እየን፡ እታ ሓንቲ ኽትውሰድ፡ እታ ኻልኣይቲ ኽትሕደግ እያ። ክልተ ኣብ ወፍሪ ኺጸንሑ እዮም፡ እቲ ሓደ ኺውሰድ፡ እቲ ኻልኣይ ኪሕደግ እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። (ማቴ 24:40-41፤ ሉቃ 17:34-36)። መሊሶም ከኣ፥ ጐይታይ፡ ኣበይከ እዩ፤ በልዎ። ንሱውን፥ ኣብቲ ገምቢ ዘልዎ፡ ኣሞራታት ናብኡ ኺእከቡ እዮም፡ በሎም። (ማቴ 24:28፤ ሉቃ 17:37)።

23 ንቑሓትን ጸለይትን ኩኑ
ከም ዝገሸ ሰብ እዩ ፥ ቤቱ ኺሐድግ ከሎ፡ ንባሮቱ ስልጣን ሃቦም፡ ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ዕዮኡ፡ ንሓላው ደገውን ኪነቅሕ ኣዘዞ። እቲ ብዓል ቤት መኣዝ ከም ዚመጽእ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ፡ ወይ ምሸት፡ ወይ ፍርቂ ለይቲ፡ ወይ ደርሆ ነቆ፡ ወይ ከኣ ንግሆ፡ ብድንገት መጺኡ ደቂስኩም ከይረኽበኩምሲ፡ ስለዚ ንቕሑ። (ማር 13:34-36)።

24 ግናኸ ፍለጡ፡ በዓል ቤት ነታ ሰራቒ ዚመጸላ ጊዜ እንተ ዚፈልጣስ፡ ምነቕሔ፡ ቤቱ ኽትኰዐት ከላውን ስቕ ኣይምበለን። ስለዚ ወዲ ሰብ ብዘይሐሰብኩምዎ ጊዜ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ንስኻትኩም ድማ እተዳሎኹም ኩኑ። (ማቴ 24:43-44)።

25 ስስዔን ስኽራንን ሓልዮት ሓዳርን ንልብኹም ከይኸብድ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጻኩምሲ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ። እቲ ጊዜኡ መኣዝ ምዃኑ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑን ጸልዩን። ግናኸ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ኵላ ዝባን ምድሪ ንዚነብሩ ዘበሉ ኽም መፈንጠራ ኽትበጽሖም እያእሞ፡ (ማር 13:33፤ ሉቃ 21:34-35)።

26 ስለዚ ካብዚ ዚመጽእ ኵሉ ነገር ንምምላቕን ኣብ ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባልን ሓይሊ ምእንቲ ኽትረክቡስ፡ ኵሉ ሳዕ እናጸለኹም ንቕሑ። (ሉቃ 21:36)።

27 እዚ ኹሉ ኽሳዕ ዚኸውን፡ እዚ ወለዶ እዚ ኸም ዘይሐልፍ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ። (ማቴ 24:34-35፤ ማር 13:30-31፤ ሉቃ 21:32-33)።

Angel TV ተመልከቱ

Satellite : INTELSAT 20 (IS20)
Orbital Location : 68.5° East
Band : Ku-Band
Downlink Frequency : 12.522 GHz
Polarization : Vertical
Symbol Rate : 27.500 Msps
FEC : 3/4
Modulation : DVB-S, MPEG-2 / SD
Coverage Area : AFRICA & EUROPE

Local Contact Address

ግሩም ጎይታ ኢየሱስ ሕጂ ሕጂ ክመጽእ ኢዩ ምስቲ ክብሪ ዘመልኦ ንጉሣዊ ሥልጣኑ ኣብቲ ዝኸበረ ወርቃዊ ዝፋን ኮፍ ኢሉ፡፡ ብቅዱሳት መልኣኽትን ቅዱሳኑን ብክብሪ ተዓጂቡ ይመጽእ ኣሎ!

እታ ዚፈርደላ ጊዜ በጺሓ እያ እሞ፡ ንኣምላኽ ፍርህዎ ኽብሪውን ሀብዎ፡ ነቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ዓይኒ ማያትን ዝገበረ ስገዱሉ (ራእይ ዮሐንስ 14፡7)

## ግዜ ንድሕሪት ኣይምለሰን ንቅድሚት ኢዩ ዝኸይድ እምበር!

ስለዚ ናይ እግዚአብሔር መንግስቲ ትቀርብ ኣላ'ሞ ናይ ምድሓን ግዜ'ውን ሕጂ ኢዩ፡፡ ተናሳሕ/ሒ ብወንጌልም እመን/ኒ!

ምስ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትራኽብ/ቢ ተዳሎ!



# ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ

TIGRIGNA | ETHIOPIAN